

Tigrinska

# ነፍሰ-ጾራት ወይ ኣብ ቀረባ እዋን ዕሸል እተጋላገልክን ዲኽን? ድምጽኽን ኣስምዓ!

## ንተመኩሮ ጥንሲ ኣብ ዝምልከት ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ ተሳተፋ

ነፍሰ-ጾራት ወይ ኣብ ቀረባ እዋን ዕሸል እተጋላገላ ኣዴታት እንተኼንክን፡ ንተመኩሮ ጥንሲ ኣብ ዝምልከት ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ ብምስታፍ፡ ኣብ ኣገልግሎታት ክንክን ጥዕና ከምኡ`ውን ነፍሰ-ጾራት እንከለኽን ኣብ ዝነበረክን ኩነተ-ጥዕና ኣተኩሮም ንዝቐርቡልክን ሕቶታት ኣብ ምምላስ ዘለክን ሓሳብ ከተካፍላ ትኽእላ ኢኽን። እዚ ድማ ልክዕ ድሕሪ ሕርስኽን ከምኡ`ውን ዓመትን መንፈቕን ድሕሪ ሕርስኽን ንዝነበረክን ኩነታት ጥዕና ዝምልከት ምኺኑ እዩ። ነፍሲወከፍ ተመኩሮ ጥንሲ ኰነ ሕርሲ ፍሉይ እዩ። ስለዝኾነ፡ ተሳትፎኽን ንዓና ኣገዳሲ እዩ።

እዚ ንተመኩሮ ጥንሲ ዝምልከት ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ እዚ ሰለስተ ርእሶም ዝኸኣሉ ክፋላት ዘለውዎ እዩ። ኩላቶም እዞም ክፋላት እዚኣቶም ኣብ`ቲ ኣብ ነፂጣ መርበብ ሓበሬታ https://www.1177.se ዝርከብ ናይ ውልቅኽን ገጽ ሰፊሮም ኣለዉ።

VÄSTRA GÖTALANDSREGIONEN

ንስለስተ ኣጋጣሚታት ኣመልኪትክን ሕቶታት ንኽትምልሳ ክትሕተታ ኢኽን፦
- ኣብ ናይ መበል 25 ሰሙን ተመኩሮ ጥንስኽን እንከለኽን፣
- ድሕሪ ሕርስኽን ሸሞንተ ሰሙናት ኣብ ዝመላእክናሉ እዋን፣ ከምኡ`ውን
- ድሕሪ ሕርስኽን ናይ ሓደ ዓመት እዋን ምስሓለፈ።

ነዞም ሰለስተ ክፋላት ናይ`ዚ ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ እዚ ንኽትምልሳኦም ዕዱማት እኳ እንተኾንክን፡ ግዴታዊ ግን ኣይኮነን። ንኣብነት፡ ኣስታት ቅድሚ ሓደ ዓመት እንተጋላገላ ኣዴታት እንተኼንክን፡ ነቲ ናይ መወዳእታ ክፋል ጥራይ ምምላኡ ክትመርጻ ዝከኣል እዩ። ነፍሲወከፍ ክፋል ንምምላሱ ኣስታት ሓሙሽተ ደቓይቖ ዝወስድ ክኸውን እንከሎ፡ ነዚ ንምግባር ድማ ቀጥዒ መሕተት ካብ እተቐበልክናሉ እዋን ናይ ሽዱሽተ ሰሙናት ግዜ ክህልወክን እዩ።

**እትሳተፍሉ ኣገባብ፦**

1. ናብ ነቑጣ መርበብ ሓበሬታ https://www.1177.se እተዋ።
2. ናብ ላዕለዋይ ሸነኽ ናይ`ቲ ገጽ ብምኻድ ኣብ ”Logga in” ጠውቓ።
3. ናብ ማእከላይ ሸነኽ ናይ`ቲ ገጽ ብምኻድ፡ ናይ መፍትሕ ምስሊ ኣብ ዘለዎ – ኣብ ”Logga in” ዝብል ክፋል ጠውቓ።
4. ኣብ ተንቀሳቓሲት ቴሌፎንክን ኤሌክትሮኒካዊ መለለዪ ንምግባር፡ ከም ”Mobilt Bank-ID” ዝኣመሰለ እትልለያሉ ኣገባብ ምረጻ።
5. ኣብ ላዕለዋይ ሸነኽ ናይ`ቲ ገጽ፡ ማለት ናብ ትሕቲ ስምክን ብምኻድ፡ ኣብ ”Inställningar” ጠውቓ።
6. ዝርዝራት ኣድራሻኽን ኣእትዋ። ካብ 1177 (”Avisering från 1177 Vårdguiden”) መተንባህታዊ መልእኽቲ ናይ ኢ-መይል ወይ እውን እንተላይ ናይ ጽሑፋዊ መልእኽቲ ተሌፎን ክትቅበላ ከምእትደልያን ከምዘይትደልያን ምረጻ። ናብ ታሕተዋይ ሸነኽ ናይ`ቲ ገጽ ብምኻድ፡ ኣብ ”Spara” ጠውቓ።

ነዞም ዝርዝራት ሓበሬታ ኣእቲኽን ምስወዳእክን፡ ኣብ ነፍሲወከፍ ሓድሽ ክፋል ናይ`ዚ ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ እዚ መሊእክን ዝዛዘምክናሉ እዋን መልእኽቲ ክትቅበላ ኢኽን።

## እቲ ንዓኽን ዝምልከት ውልቃዊ ሓበሬታ ውሑስ ብዝኾነ ኣገባብ እዩ ክተሓዝ

ኣብ`ዚ ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ እዚ ምስታፍ ወለንታዊ ኲይኑ፡ ዝኾነ ይኹን ካብ`ቶም እትህባኦም መልስታት ብውልቂ ምሳኻትክን ዝተኣሳሰር ኣይክኸውንን እዩ። እቲ ውህሉል ውጽኢት ናይ`ዚ ንተመኩሮ ጥንሲ ዝምልከት ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ እዚ፡ ኣብ መዳይ ምምሕያሽ ኣገልግሎታት ክንክን ጥዕና ከም መሰረት ከገልግል እዩ።

ጥዕናዊ ጸገም ምስዝህልወክን ወይ ድማ ነፍሰ-ጾራት እንከለኽን ድዩስ ድሕሪ ሕርስኽን ደገፍ ምስዘድልየክን፡ ብኽብረትክን ንመሕረሲትክን ወይ ንሕክምናዊ ማእከል ተወከሳ።

ተሳተፍቲ ብምዃንክን ነመስግን።